# ብርሃን ውፁዓት የካቲት ትመፅእ ኣላ

የካቲት ዝብል ቃል እንትላዓልን በዓል የካቲት 11 እንትቃረብን ብኣጠቓላሊ እቲ በዓል እንትኽበርን ኩሉና ውፅዓት ተጋሩ ዝስመዐና ፍሉይ ስምዒት ኣሎ። እቲ ስምዒት ብዋናነት ናይ ቃልሲ ፣ ዓወትን ብሩህ ተስፋን ስምዒት እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ሰኣን ኣያ ንዘመናት ናይ ድንቁርና ፣ ሕማም ፣ ጥምየትን ስቓይንን ተምሳሌት ኮይኑ ኣደዳ ሞትን ሕሱም ስደትን ኮይኑ ሓሳረ መከርኡ እናረአየ ከምዝመፀ ናይ ቀረባ ትዝታና እዩ።

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ንምእማኑ ዘፅግም ውርደትን ክፍኣትን ዝበፅሖ ክሰርሕ ዝኽእል ጉልበት ስለዘይነበሮን ስራሕ ስለዘይፈቱን ወይ ድማ ሰሪሑ ክጥውሮ ዘኽእል ዓዲ ስለዘይብሉ ኣይኮነን። ታሪኽና ከምዝሕብሮን ቅርስታትናን ሓድግታትናን ብንፁር ከምዝምስክርዎን ዓድና ኣብ ሓደ መዋእል ካብቶም ውሑዳት ምዕቡላት ሃገራት ዓለምና ሓንቲ ከምዝነበረት ፣ ህዝብና እውን ካብቶም ሓያላት ህዝብታት ኣብቶም ቅድሚት ዝበሃሉ ይስራዕ ከምዝነበረ ዝፍለጥ ጉዳይ እዩ። ናይዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ህልዊ ሓሳረ መከራ ዋና ፍልፍሉ ብዙህነት ህዝቢ ተቐቢሉን ንህዝቢን ልምዓቱን ወጊኑን ልምዓታዊን ዲ/ሲያዊን ፖሊሲታት ሓንፂፁ ናብ ስራሕ ዘወፍርን ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ህዝቢ ዘረጋግፅን መንግስቲ ስለዘይነበሮ ጥራይ ከይኮነስ ብምግምጣሉ ብዘርኢ ፣ ብሃይማኖት ፣ ብከባቢነትን ኣብ መንጎ ሰባት ብዘለዎ ሃፍቲን ፈላልዩም ዓደዳ ጦርነትን ህልቀትን ስለዝገበርዎን ኣብ ትሕቲ ኣርዑት መፅቀጥቲ ኣእትዮም ስለዘማሰንዎን ኣውያቱ ሰማዒ ስለዘይነበሮን'ዩ።

ህዝብና ህዝቢ ትግራይ ነዚ ንዘመናት ተዳዕኒንዎም ዝፀንሐ መፅቀጥቲን ሓሳረ መከራን ስኽ ኢሉ ኣሚኑ ተቐቢልዎም ይኸድ ኔሩ ማለት ኣይኮነን ። የግዳስ በብእዋኑ ብሓሳብን ሓደ ሓደ ጊዜ እውን ዕጥቂ ኣልዒሉ ዝቃለሰሉ ኣገባባት ኔሩ'ዩ። ኮይኑ ግን እቲ በደልን ካብቲ በደል ክትወፅእ ድሌት እናሃለወን ሳኣን ንቶም ፀገማት ብዝርዝር ተረዲኡ ካብዚ ፀገም ሓራ ዘውፅእ በዓል ንፁር መስመር መሪሕ ውድብ ሳኣን ምህላው ንፀገሙ መሰረታዊ ፍታሕ ከይረኸበ ፀኒሑ'ዩ። የካቲት 11 ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፀገም ንምፍታሕ ናይ ህዝቢ መረረት ዝወለዶም ካብ ኣብራኽ እቲ ውፁዕ ህዝቢ ወፂኦም ፀገም ህዝቢ ንምፍታሕ ሓደ ተባሂሉ ቃልሲ ዝተጀመረላ ዕለት እያ። የካቲት 11 ደወል ሓርነት ዝተዳሃየላ ፣ ልደት መስመር ቃልሲን ዓወትን ኩሎም ውፅዓት ህዝብታት ትግራይን መላእ ኢትዮጵያን ዝተበሰረላ ፣ ኣረጊትን ሕሱምን ስርዓት ብምፍራስ ቀፃልነትን ስልጠትን ዘለዎ ልምዓትን ኣብ ድሌት ህዝብታት

ዝተመስረተ ዲሞክራሲን ብምርግጋፅ ሕላፎት ህዝቢ ዝተረጋገፀሉን ዝና ሃገር ዝምለሰሉን መስመር ዝተወለደሉ ኮታስ ኣብ ድቕድቕ ፀልማት ባርነት ናይ ሰላም ፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ጭላንጭል ብርሃን ዝተርኣየሉን ንህዳሰና መበገሲን ዝኾነትን ዕለት'ያ።

ዕለት የካቲት 11 ከምዚ ዝኣመሰለ ታሪኽ ስለዘለዋ እዛ ዕለት እንትላዓል ፣ እንትቃረብን እንትትበዓልን ኩሉ ትግራዋይን ፈታዊ ህዝቢ ትግራይን ፍሉይ ናይ ሓጎስ ጠውላሕታ ይስምዖም ጥራይ ከይኮነስ ኣኽቢሮም ይቕበልዋን ብዱሙቕ መንገዲ የብዕልዋን።

ህዝብና በዓል የካቲት ዘብዕሎ ንስመ-በዓሉ ክስመየሉ ኣይኮነን። ኣብ ሕሉፍ ናይ ቃልሲን ዓወታትን እዋናት ዝረኸቦም ዓወታት ፈልዩ ብዝግባእ ከስተማቕሮም ፣ ብደመ-ረሃፁ ዘምፅኦም ምቁራት ዓወታት እዮም እሞ ብዝግባእ ሰኒዱ ክዕቅቦም ፣ ካልኦት ስፋሕቲ ፣ ዓሞቕቲን ተቐፃፀልቲን ዓወታት ከመዝግብን ዝውሰነሉ ኮታስ ናይ ቃልስን ዓወትን ቃልሱ ከሐድሰሉ ምእንታ እዩ። ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልስና ማህደራት ገንፂልና እንትርኢ ኩለን የካቲታትና ብዋናነት ብወታደራዊ ዓወታት ምስኡ ድማ ኣብቲ እዋን ኣብ ዝዕመሙ ዝነበሩ ናይ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዓወታት ተፀምቢልና እነብዕሎን ኣጠቓላሊ እቲ በዓል ዋና እቲ ቃልሲ ህዝብን ናይቲ ቃልሲ ብልሒ ጫፍ ተጋዳላይን ብሓባር ኮይኑ ዓወታቱ ኣስተማቒሩ ሓድነቱ ኣስጢሙ ንቐፃሊ ተደራራቢ ዓወታት ቃል ኣሲሩ ዝወፍረሉን ኩነታት'ዩ ኔሩ።

ድሕሪ ምዝዛም ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ዘለው ናይ ሰላም ፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዘመን ኣብ ዝነበሩ የካቲታት እውን እንትኾነ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ ካብ ድኽነት ዝወፀሉ ንፁር ራኢይ ሒዙ ከም ክልልን ብኣጠቓላሊ ምስ ካልኦት ፈተውቱ ኢትዮጵያዊያንን ኮይኑ ብዝሓዞም መደባት ሰሪሑ ዝረኸቦም ዓወታት ሓደ ክልተ ኢሉ ቆፂሩ እናስተማቐረን እናዓቀበን ሓድነቱ ብምስጣም ኣብ ቀፃሊ ንዝህልው ናይ ቃልስን ዓወትን መደባት ብናህሪ ንምፍፃም ቃል ኪዳኑ ከም መሐደሲ መድረኽ ጌሩ'ዩ ብድምቀት ከብዕሎም ፀኒሑ። ሃገርና ኢሉ'ውን ክልልና ካበይ ናበይን በበይን ከምእትኸድን ንሃገርና ዝስማማዕን ብናይማን ካብ ድኽነትን ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ኣውፂኡ ናብ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ኢሉ እውን ናብ ዝለዓለ ጫፍ ምዕባለ ዘብፅሕ ራኢ ሰኒቑን ልእኽቶ ተሓንጊጡን ብዝረኸቦም ዓወታት እናተሓበነ ኣብ ጎደና ስሉጥን ቀፃሊን ልምዓት ኮይኑ እዩ እናብዓሎም መፂኡ።

ሀዚ እውን ዕለታትን ኣዋርሕን ቆፂራ እታ ክብርቲ ዕለት የካቲት 11 ትቀራረብ ኣላ። ኣብ ውሽጢ ክልልና ፣ ካብ ክልልና ወፃኢ ኣብ ዘለዋ ናይ ሃገርና ክልላትን ኣብ ወፃኢ ሃገርን ዘሎ ህዝቢ ትግራይን ፈታዊ ህዝቢ ትግራይን  መበል 40 ዓመት ውልደት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ

የካቲት 11 ብድምቀት ከኽብር ሰፊሕ ምሽብሻብ ይገብሩ ኣለዉ። የካቲት ናይ ሓደ ውድብ በዓል ጥራይ ኣይኮነን ። የካቲት ብዋናነት ናይቲ ህዝቢ ካብኡ ድማ ናይቲ ብህዝቢ ይሁንታ ዝተመስረተ ህዝባዊ መንግስቲን መሪሕ ውድቡን ዝለዓለ ክብረት ዘለዎ በዓል እዩ።

ናይ ሎሚ ዓመት በዓል የካቲት ናይ ባዕሉ ፍሉይ ባህሪ ኣለዎ። ብሓደ ወገን ክልላዊ መንግስትና በዓል የካቲት በብሓሙሽተ ዓመቱ ብመላእ ህዝቡን ፈተውቲ ቃልሱን ዓወቱን ብድምቀት ክኽበር ብዝወሰኖ መሰረት መበል 40 ዓመቱ ስለዝኾነ ብድምቀት ክበዓል ዘውስንዎ ኩነታት ኣሎ። ካልኣይ ጉዕዞ ህዳሰና ንምስላጥ ኣብ 2002 ዓ/ም ዝተሓንፀፀ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ቀዳማይ 5ተ ዓመት ዝዛዘመሉ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ስለዝኾነ ኣብዚ ሕሉፍ ሓሙሽተ ዓመት ዝረኸብናዮም ዓወታት መዚናን ኣስተማቒርና ዝተረፉና ብቲ ዝተተለመሉ ጊዜን ፅሬትን ንምምላእ ቃልና ክነሕድስ ስለዝግባእ ናይ ባዕሉ ፍሉይ ባህሪ ኣለዎ። ብኣውርኡ ድማ ከምቲ ልሙድን ኩሉ ጊዜ እንገብሮን ጥራይ ከይኮነስ ብፍሉይ ኩነት መላእ ህዝብና ብሰራዊት መልክዕ ኣንቀሳቒስና ሕሉፍ ክይዲ ቃልሲን ዓወትን ብህያው መንገዲ ክቐርብን ክርኣን ብምግባር እዚ ዓወት ዝተረኸበ በብእዋኑ ንዘጋጠሙና ብድሆታት እናጋላህና ብስጡም ሓድነት ከምዝመፃእና ኩሉ ሀዚ እውን እዚ ብዝበለፀ መንገዲ ከምእንፍፅሞ እነርእየሉን ኩለ-መዳይ ርብርብ ዝግበረሉን እዩ ።

ቅነን ዕለትን የካቲት እንትነብዕል ድሙቓት ዓወታትና እናስተማቐርናን ንቐፃሊ ተመሳሳሊን ዓሚቕን ዓወታት ንምምዝጋብ ቃልና እንሐድሰሉ እንትንብዕል ዘይጭበጥ ፍረ ሒዝና ኣይኮነን። ቃልሲን ዓወታትን መስመር የካቲት ንዓለም ዘገረመ ቁጠባዊ ዕብየት ምምዝጋብ ዘኽኣለ ፣ ካብ ኩሎም ናይ ከባቢና ሃገራት ብመሰረቱ ዝተፈለየ ዝተረጋገአ ሰላም ዝፈጠረን ንብዙሓት ሃገራት ሞዴል ዝኾነ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክህነፅ ዘብቀዐን'ዩ። ከምቲ ኩልና እንፈልጦ ኣብ ስርዓት ደርጊ ማለት እውን ቅድሚ 1983 ዓ/ም ዕብየት ቁጠባ ሃገርና 2% ጥራይ እዩ ኔሩ። እዚ ኣብቲ ሽዑ ምስ ዝነበረ ልዕሊ 3% ዕብየት ምጣነ ህዝቢ እንትነፃፀር ዕብየቱ ትሕቲ 0% ከምዝኾነ'ዩ ዘርኢ። በዚ ትሕዝቶ ኢኮኖሚ ሃገርና ዜሮ'ዩ ኔሩ ጥራይ ከይኮነስ ብዘይምቁራፅ ትሕቲ ዜሮ እናንቖልቆለ ዝኸደሉ ኩነታት እዩ ኔሩ። ድሕሪ 1983 ዓ/ም ክሳብ 1995 ዓ/ም ኣብ ዝነበሩ እዋን እቲ ምንቁልቋል ክዕገትን ደው ክብልን ብምግባር ብማእኸላይ ውፅኢት 5.5% ዕብየት ቁጠባ ክረጋገፅ ኪኢሉ'ዩ። ናይ ተሃድሶ መስመርና ድሕሪ ፀርዩ ምውፃእ ካብ 1996 ዓ/ም ክሳብ ሀዚ በብዓመቱ ብማእኸላይ ውፅኢት ብ10.56% እናዓበየ መፂኡ'ዩ። እዚ ንተኸታታሊ 11 ዓመታት በዓል ክልተ ኣሃዝ ዕብየት ዘርኢ ዘሎ ብነብሰወከፍ ዜጋ እውን በብዓመቱ ብማእኸላይ ውፅኢት ብ8.89% ዕብየት ቁጠባ እናርኣየ

እዩ ዘሎ። በዚ መጠን ድኽነት ሃገርና ይኹን ክልልና ብዘግርም መንገዲ እናቐነሰ እዩ። በዚ ድኽነት ምስ ምቕናስ ኣብ MDG ዝተቐመጠ ቀዲምና ብምዕዋት ተሸለምቲ ኮይና ኣለና እዚ ሳላ የካቲት እዩ።

መስመር የካቲት ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ጥራይ ኣይኮነን መሰረታዊ ለውጢ ዘምፅአ ዘሎ። ሎሚ ፅባሕ ትብተን ዝበሃል ዝነበረት ሃገር ማዕርነትን ፍቓደኝነትን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘረጋገፀ ብናይ ኩሎም ህዝብታት ኣንደበት ዝፀደቐ ሕገ-መንግስቲ ተቐሪፁ ኣብ ተግባር ብምውዓል ኣብዚ ሀዚ እዋን ፍልልያትና ፅባቐና ኮይኑ ሓድነትና ኣስጢምና ሰላም ፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዝሰፈነላ ሃገር ክንውንን ኣኺኢልና'ዩ። ኣብ ማሕበራዊ ልምዓት እውን ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ጥዕና ካብቲ ዝነበረ ሕሱም ድንቁርናን ሕማምን ተናጊፍና ጥዑይን ዝተምሃረን ዜጋ ኣብ ምፍጣር ዓብይ ዝላ ዘረጋገፅና ኮይኑ ኣብ ሚሊኒየም ሽቶታት ብዝተቐመጡ ክብፅሑ ዝግበኦም ጉዳያት እንትነነፃር ካብቶም ክዕውቱ ብሙሉእነት ቅድመ-ግምት ዝተውሃቦም ሓደ ህዝቢ ክንኮን ኣኺኢሉና እዩ።

እዚኦምን ካልኦት ዘይተጠቐሱን ዓወታት ኩሎም መፈለምተኦም ፣ ፍልፍል መስመሮምን ውልደቶምን የካቲት11 በዓል ህዝቢ ትግራይ እዩ።

እዞም ኩሎም ዓወታት ሳላ የካቲትን ኣብ የካቲት ዝተወለደ መሪሕ ውድብን መስመሩን በዚ መስመር እናተፀምበለ ንልምዓቱ ፣ ንሰላሙን ዲሞክራሲኡን ዝኾነ ዓይነት ዋጋ ክኸፍል ክምት ዘይብል ዕውት ህዝብን እዮም ተረኺቦም።

ህዝቢ ትግራይ ን17 ዓመታት ኣብ ዘካየዶ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ካሕስኡን ደበሱን ሰላም ፣ ዲሞክራሲን ኩሉ ተሳታፊን ተጠቃሚን ዝኾነሉ ልምዓትን'ዩ። እዚ ከዓ ሀዚ'ውን ብባዕሉን ብቓልሱን እምበር ብማንም ከምዘይኮነ ይኣምን'ዩ። በዚ እውን ከም ወትሩ ተስፋ ሰኒቑ ጥራይ ክይኮነስ ካብቲ ዓወት ብልክዕ ተሳትፍኡ ዋና ተቓዳሲ ኮይኑ ንዝበለፀ ዓወት ኣብ ውዕውዕ ወፍሪ እዩ ዘሎ።

ክምቲ ኣብዚ ናይዚ ፅሑፍ መጀመርያ ዝተጠቐሰ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ብሓፈሻ ኣብ ሓደ መዋእል ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ሓየልቲን ብመንነቶም ዝፍለጡ ህዝብታት ሓደን ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ከምዝነበረ ዘመን ተሳጊሮም ዝፀንሑ ሓድጊታትና ምስክራትና እዮም። ኮይኑ ግን ንኣማኢት ዓመታት ምዕባለና ቁልቁል ኣፉ እናወረደ ከይዱ ኣብ ሓደ እዋን ታሪኽ ዝሰራሕና ህዝብታት ምስ ኣእምሮና ፣ ጉልበትናን ልሙዕ መሬትናን

ዓርስና እኳ ምኽሪ ኣብዩና መርኣያን መመሰሊን ጦርነት ፣ ድኽነት ፣ ድንቁርና፣ ሕማምን ከታስ መርኣያ ወዲ ሰብ ዝረኽቦም ክፉኣት ኣጋጣሚታት ኮይና ተዋሪድና ፀኒሕና ኢና። ግን ድማ ተዋሪድና ከምኡ ኢልና ተደርቢና ኣይተረፍናን። ሳላ የካቲትን ካብ የካቲት ዝተወልደ መስመርን ዳግም ትንሳኤ ኮይኑ ዝናና ኣብ እነምልሰሉን መርኣያ ቅልጡፍ ልምዓትን ፍልልያታ መልክዓ ጌራ ስጡም ሓድነት ፈጢራ ናብ ልምዓት ዝገስገሰት ፌደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ሃገርን ኮይና ኣለና።

እዚ ላዕላይ ዝተቐመጠ ከምዘለዎ ሓቂ ኮይኑ ሀዚ እውን ግን እዚ ማዕርነታዊ ሓድነትን ንሶም ከም ሃገሮም ምስቲ ትሑት ክፉል ሕ/ሰብ ዝበልዎ ዘናእስዎ ብማዕረ ክዳነዩን ክጥቀሙን ዘይወሓጠሎም ናይ ቀደም ድሑር ስርዓት ክመልሱ ሒግ ዝበሉን ኣካላት እኒሀው እዮም። ምስዚኦምን ናይዚኦም ልኡኻት ገለ ናይ ወፃኢ ኣካላት ቀጥታ መምርሒ እናተቐበሉ ኣብ ኣፍና ምእታው ዝጀመሩ ምቁር ልምዓት ክኸልፉ ፣ ዓድና ኣደዳ ህውከትን ሓሰረ መከራን ክትከውን ዝምነዩ ጥራይ ከይኮነስ ተወዲቦምን ብውልቀን ለይቲን ቀትርን ዝለፍዑ ኣካላት ከምዘለው ብግልፂ ንርኦም ዘለና'ዩ። ከዳዓት ኣብ ዝኾነ ናይ ቃልሲ ጊዜ ኣይስኣንን እሞ ነዞም ካብ ቃልስና ዝሸድዑ ተጋደልቲ ነበር ምርኩስ ጌሮም  ክልልና ኳኹቶ ክዘርኡላን ኣብ ልምዓትና መወሳወሲ ኣስኢኖም ኣደዳ ጥምየትን ህውከትን ክገብሩና ካብ ምጉያዮም ዓዲ ኣይወዓሉን። ሉኣላዊነትና ብሄረ ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ መሰረት ጌሩ ቃል ዝኣሰርናሉ ናይ ሰላም ፣ ናይ ዲሞክራሲን ልምዓትን ሕገ-መንግስትና ከም ደመኛ ጌሮም ብምውሳድ ንስርዓትናን ሃገርናን ከፈራርሱ ለይቲን ቀትርን ሃደግ በደግ ክብሉ ይርኣዩ ኣለው። ዋና ፀላኢኦምን እንተኾይንሎም መንጪቶም ዘይመንውዎን ድማ ህዝቢ ትግራይ እዩ። መስመርን ዓወታትን የካቲት ዋና ፀላኢኦም'ዩ። ስለዚ በዓል የካቲት እንትነብዕል ኣብዚ ዘሎ ኩነታት ብልቢ ተገንዚብና ንዚኦምን ተግባራቶምን ብምኹናን እዩ።

ሀዚ እውን ቀንዲ ሓደጋ ልምዓታዊ ዲ/ሲያዊን ስርዓት ህዝብና ኪራይ ኣካብነት ዝወለዶም ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ፣ ፀቢብነት ፣ ትምክሕተኝነትን ናይ ሃይማኖት ኣኽራርነትን እዮም። እዚኦም እንተሃልዮም ዕንወት እምበር ዓወት የለን። ናይዚኦም ወኪላት ድማ ብሽም ዓረናን ካልኦት ዝተወደቡ ኣካላትን እዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት የካቲት እንትነኽብር እምባኣር ብሓደ ወገን ኣብ ሕሉፍ ዘመዝገብናዮም ዓወታት ብዝርዝር ተረዲእናን ብልክዖም ኣስተማቒርናን ትምህርቲ ክኾኑ ብዝኽእልሉ መንገዲ ክዕቀቡ እንገብረሉ ፣ ካልኣይ ድማ በብእዋኑ ንዘጋጥሙና ብድሆታት ከምቲ ልሙድ

እናወገድና ሓድነትና ኣስጢምና ናይ ሰላም ፣ ዲ/ሲን ልምዓትን መደባትና ኣጠናኺርና ክንወስድ ቃልና እነሐድሰሉ ብዚ ኣቢልና ሕድሪ እቲ ብሉፅ መራሕና መለስ ዜናዊን ካልኦት ኣእላፍ ስውኣትናን ኣብ ተግባር እነውዕለሉ እዩ።

እዚ ኹሉ ራኢ.ይን ተልእኾን ሒዛ መበል 40 ዓመት ልደት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ የካቲት 11 ትመፅእ ኣላ፤ ኩሉና ሰብ ዋናን ፈተውቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ብድምቀት ክነብዕላ ሓንጓፋይ ኢልና ንቀበላ እኹል ምሽብሻብ ድማ ንግበረላ።